# ስለምንታይ ኤርትራውያን፡ ተቐማጦ ከተማ ስያትልን፡ ከባቢኣን፡ ንፈስቲቫል መደብ ህግደፍ ይቃወሙዎ ኣሎዉ?

ክቡራትን፡ ክቡራንን፡ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሲያትልን ከባቢኣን፡

እቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ሃገርና ዝቕመጥ ዘሎ ህዝብና ኣብ ተራእዩ ዘይፈልጥ ዘስካሕኽሕ ጭንቀትን፡ ጸቕጢን፡ ዝዓብለሎ መነባብሮ ይነብር ከም ዘሎ ካብ ነፍሲ ወከፍና ዝረሓቐ ሓቂ ኣይኮነን።

ነዚ ህዝብና  ዘይተጸበዮ ኩነታት'ዚ መብዛሕትኡ ኣብ ወጻኢ ሃገራት ዝርከብ ህዝብና ተቓውምኡ ከረኢ ጸኒሑን፡ ጌና'ውን፡  የርኢ  ኣሎን። ብኣንጻሩ ከኣ፡ ሂግድፋውያን፡ ሕንኽ ከይበሉ፡ ነቲ ኩሉ ስቓያት ህዝብና ብምኽሓድ፡ ኣብ ክንዲ ኣብ"ቲ ብዝተዳልሔ ድምጺ፡ ካብ  ውሽጢ ኤርትራ ዝስማዕ ዘሎ ኣውያት ኣቦታትናን፡ ዝውሕዝ ዘሎ ንብዓት ኣዴታትናን ዘስተባህሉ፡ ኣንጻር ህዝቢ ጠጠው ብምባል፡ ንመንእሰያትና፡ ኣብ ፎቐዶ ጓይላን፡ ዳንኬራን፡ ኣታሊሎም ብምስታፍ፡ ነቲ ዝርሕቆም ዘሎ ህዝብናን ፡ ዝኹንኖም ዘሎ ህዝቢ ዓለምን፡ ህዝቢ ኤርትራ ፡ ኣብ ጎድኖም ከም ዘሎ ንምምሳል፡ ብግልባጥ ናይ'ቲ ኣብ ውሽጢ ኤርትራ ዘሎ ናይ ገሃንመ--ኣሳት መነባብሮ ብሓሶት ዘንጸባርቕ መልእኽቲ ንምትሕልላፍ እዩ ዓላምኦም።

ካብ'ዚ ምኽንያታት'ዚ ተበጊሱ፡ እዩ ኸኣ እቲ ኣብ ከተማ ሲያትልን፡ መላእ ዓለምን ዝርከብ ህዝብና፡ ነቲ ናይ ስነ ኣኣሙራዊ ጸቕጥን፡ ናይ ገንዘብ ምዝመዛን ኣብ ልዕሊ ህዝብና፡ ብፍላይ ከኣ ኣብ ልዕሊ መንእሰያትና፡ ዝዓለመ ውዲታት ስለ ዝኾነ እዩ፡ ዝቃወሞምን፡ ዝኹንኖምን ዘሎ ። ስለ'ዚ፡ ነቲ ኣብ ከተማ ሲይዝትል ንዕለት 11-13 ወርሒ ነሓሴ፡ ተወጢኑ ዘሎ ናይ ህግደፍ ፈስቲቫል ፡ ብግድን ከፈሽሎ እዩ ።

ጥርኑፍ ሓይሊ ኤርትራውያን ተቐማጦ ከተማ ሲያልን ከባቢኣን፡ ንምፍሻል ጸረ -ህዝቢ ስራሓት ህግደፍ።

ዘለኣለማዊ ዝኽሪን ፡ ክብርን ንስዉኣትና ፡ ክብርን፡ ሞገስን ንስንኩላንና።

የቐንየልና።